# ፍሉይ መድረኽ፡ ፍቱን ተመክሮ

ብበረኸት ፈዳይ ንጉሰ

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሕብሪ ባይቶ ጸጥታ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝተቐብአ ብውዲትን ድፍኢትን ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝተወሰደ እገዳ፡ ንዝኾነ ፖለቲካዊ ዋኒን ዘይብሉ ፍጡር’ውን እንተኾነ፡ ምስቲ ኤርትራ ፈጺማቶ ዝተባህለ ክሲ ዘይዳረግ ምኻኑ እዩ ዝግንዘግ። ንኩነታት ዞባና ክፈልጥ ብኽፉት ሓንጎል ዝተበደሰ ሰብ ድማ እቲ ልዕሊ ኩሉ ጎሊሑ ዝኽሰቶ፡ እዛ ሃገር እንታይ ስለዘለዋ እዩ ክንድዚ ኣደራዕ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል እዩ ዝብገስ። ኤርትራውያን ሰራሕቲ ታሪኽ እምበር ግዳያት ታሪኽ ከምዘይኮና ድማ ዝያዳ እንዳፈተሸ ንዝመጸ ሓንጎል ዝያዳ እንዳተጋህደ ዝኸይድ ውድዓዊ ጭብጥታት ይኽሰትዎ። እቲ ምንታይ ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ ገድልን መስዋእትን፡ ታሪኽ መኸተን ዓወትን፡ ታሪኽ ፍትሕን ሓቅነትን ዝምስክሩ ጭብጥታት ዝሓቖፈ ብምኻኑ።

ብዓይኒ ምምሕዳር ኣሜሪካ ግን፡ ኤርትራ እትብሃል ሃገር ክትህሉ ኣይምስተገበአን። ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን’ውን ከምኡ። ንስነ-ሓሳብን ፍልስፍናን ህ.ግ. ጌና ከይተበገሰ እንከሎ ንምቑጻይ፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ ብምስባሕ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾኑ ዘይተኣደኑ ውዲታትን ሽርሕታትን ብምእላም ናይ ኣሽሃት ኣህዛብ ሂወት ቀዚፎም። ብሰንኩ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዘመናት ኣብ ቅልውላውን ናዕብን ዝኣለኸ፡ ድሕረትን ርምሰትን ዝፈጠረ ኩነታት ክኽሰት ኣኽኢልዎ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ናይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ህልቂትን ዝርገተ- ሰላምን ምምሕዳር ኣሜሪካ ቀንዲ ተሓተቲ ዝገብሮም።

ኤርትራ ግን፡ ንድሕነታ ክብል ካብ ከርሳ ዝበቖለ፡ ግዳማዊ ሓይሊ ተርቢዑ ክበስዮ ዘይከኣለ፡ ታሪኻዊ ሕድሪ ዝተሰከመ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ስለዝወለደን፡ ብኣግኡ ንውዲታት ግዳማውያን ሓይልታት ተገንዚቡ፡ ብህልው ኩነታት ከይተሃመለን ኣንፈቱ ከይሰሓተን ብትብዓት ብምምካት፡ ነቲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ዝበሃል ዝነበረ ሕቶ መሰል ርእሰ ውሳኔ ኤርትራ ብውሕሉል ውዳቤን ጥርናፈን ዲሲፕሊንን፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብዓይነቱ ፍሉይን ከም ተኣምር ዝግለጽ፡ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ዘበሰረ ናጽነት ክጭበጥ ዝተኻእለ። ማእከል ወኪል ስለያ ኣሜሪካ ( ማ.ወ.ስ.) ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ህ.ግ. ሶሊኾም ክኣትዉ ዘካየድዎ ረቂቕ ስርሒት ብምፍሻሉ ዝፈጠረሎም ስግኣት ድማ እዩ፡ ምስጢር ናይቲ ንኤርትራ ካብ ዕለተ ናጽነታ ጀሚሮም ዘይእውጅ እገዳን ጸቕጥን ዝተፈራረቐዎ፡ ውዲታት ከተግብሩ ዝጸንሑ። ዘይእውጅ እገዳን ጸቕጥን ግን ካብ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ስለዘይሰርሐ ብስም “ባድመ” ዝፍለጥ ኲናት ብምእዋጅ ሓንቲ ብቑጠባ ዝማሰነት፡ ሓድነታ ዝላሕለሐ፡ ኣብ ምጽወታ እትነብር ንዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ እተገልግል ሃገር ንምፍጣር ሽርሕታትን ዓሎቕን ዝዓብለሎ መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወራር ብምክያድ ዓለምና ዝመስከረቶ። እንተኾነ እዚ’ውን ማ.ወ.ስ. ክዕወቱ ኣይከኣሉን። ዝያዳ ጭንቀት ስለዝፈጠረሎም ድማ፡ ነቲ ኣብ ዓለም ሕጋዊ መደምደምታ ዝተገበረሉ ፈጠራዊ ኹናት ባድመ ንኸይዛዘም ከም ጂሆ ክጥቀምሉ ዝተገደዱ። ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ዘሕደረሎም ናይ ሓደ ቀጥባዊ ዓብላልነት ከም ልግሲ ተጠቂሞም ካብ ክቱር ብድዐ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ዓለምናን ፡ ንዕቀት ግዝኣተ ሕግን ዝተላዕለ፡ ኣብ ዞባና ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ቅዝፈት ኣህዛብን ልዕሊ ኹሉ ዝስራዕ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ኣብ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ወራር ከይኣክል

ብጋህዲ ኣብ ልዕሊ ልዑላዊት ሃገረ ሶማል ዳግማይ ወራር ንኸካይድ ትእዛዝ ከመሓላልፉ ዝተራእዩ። እቲ ናይ ነዊሕ መደቦም ጉዳይ ሶማል ወዲእካ ናብ ኤርትራ ምቕናዕ ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ሓያል ድፍኢትን ጸቕትን ይግበረሉ ኣሎ። ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ኢትዮጵያ ገዲፍካ። ኩነታት ሶማል ግን ከምቲ ዝወጠንዎ ብኣግኡ ንህዝቢ ሶማል ክጉዕጽጽዎን ከንበርክኽዎን ብዘይምኽኣሎም ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክእውጅዎ ዝደለዩ ዳግማይ ኲናት ንጊዜኡ ተናዊሑ ይርከብ። እዚ ናይ ሕጂ እዉጅ እገዳ እምበኣርከስ ተወሳኺ ዓቕሊጽበት ዝፈጠሮ መቐጸልታ ናይቲ ውዲቶም ኮይኑ፡ ሓደ ካብቲ ንመጻኢ ከካይድዎ ዝሓስቡ ወራር ባይታ ዘንጽፍ እዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ዓመት'ዚ ካብ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ነቲ ዝወርዶ ዘሎ ውሽጣዊ ቅልውላው ጉልባብ ንምግባር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ መጠነ ሰፊሕ ክስታት ክምህዝ እዩ። ፈጠራዊ ክስታት። ኣጋሃሃርትን ኣንበድበድቲ ናይቲ ፈጠራዊ ክሲ ድማ እቶም ጎይተቱ ክኾኑእዮም ። ነዚ ግን ህዝቢ ኤርትራ ገና ከይተበገሰ እንከሎ ነቒሕሉ ዘሎ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

ስለምንታይ ግን ስነ-ሓሳብን ፍልስፍናን መንግስቲ ኤርትራ ንምምሕዳር ኣሜሪካ ክሳብ ክንድዚ ዘስግኦም?
እቲ ስግኣት ናይቶም ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ዝኾኑ ብትራንስ ናሽናል ኮርፐረሽን ( ማልታይ ናሽናል ኮርፐረሽን) ዝፍለጡ፡ ንቑጠባ ዓለምና ዝቆጻጸሩ ኣዝዮም ሃብታማት ትካላት ኮይኑ፡ ረብሓ'ዞም ርእሰ-ማላውያን ሓይልታት ዝከላከል ድማ እቲ “ብህዝቢ ንህዝቢ ካብህዝቢ” እንዳበሉ ዝጭርሕሉ ፈጻሚ ኣካል ምምሕዳር መንግስቲ እዩ። ብዘለዎ ፖለቲካዊ ስልጣን ተጠቂሙ ድማ ንወተሃደራዊ ሓይሊ እታ ሃገር ኣብ ምግልጋል እዞም ዝተጠቕሱ ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ብምውዓል፡ እቲ ክምስረት እንከሎ ንድሕነትን ጸጥታን ኣሜሪካ ክከላኸል ተባሂሉ ዝተመስረተ ማእከል ወኪል ስለያ ኣሜሪካ ናብ መሳርሒ ናይዞም ማልታይ-ናሽናል ኮርፐረሽናት ብምልዋጥ፡ ዝፈጠሮ ሃጓፍ ድማ እዩ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ኣሜሪካ ናይ ወጻኢ ፖሊሲኦም ዝንቡዕን ገባትን እንዳኾነ ክመጽእ ኣኽኢልዎ ዘሎ። ስለዝኾነ ሕጂ ፕ/ት ኦባማ ይምጻእ፡ ህዝቢ ኣሜሪካ የእዊ፡ ነቕ ክብሉ ዘይክእሉ ገባብል ኮይኖም ዘለዉ። ንውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ዘይመንግስታውያን ትካላትን፡ ዓለማዊ ፋናንሲያዊ ትካላትን፡ መራኸቢ ብዙሃንን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም ዘእተዉ ገበላት። ንዓመታት ዘጥረይዎ ናይ ግብትና ሜላን ስልትን ስለዝውንኑ ድማ ዝያዳ ጸጋታት ዓለምና ክራስዩ ዕድል ፈጢሩሎም እዩ። ዝያዳ እንዳሃብተሙ ኣብ ዝመጽሉ እዋን ሃይማኖቶም ናብ “ስስዐ” ዝበሃል ጣዖት ስለዝተለወጠ፡ ኣብ ስነ-መጎት ሓይሊ ብምእማን ነቲ ዲፕሎማሲያዊ ኣእሙሮኦም ኣልሚሶ ኣብ ምግታር ወተሃደራዊ ጭዋዳታት ስለዘድሃበሎም ሸውሃቶም ንምርዋይ ኣብ መንጎ ሃገራት ውዲታት ብምፍሓስ ብዱብ እንዳናቖትካን፡ ዕልዋ መንግስታት እንዳካየድካን፡ ሃይማኖታዊ ምትፍናናት እንዳፈጠርካን፡ መራሕቲ ሃገር እንዳቐንጸልካን... ኮታ ኩሉ እከይ ተግባራት እንዳፈጸምካን ምጉዓዝ ተተሓሒዞሞ ይርከቡ።

ንቕሓት ሕብረተሰብ ዓለምና ግን ክብ እንዳበለ ብምምጽኡ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ክፍለ ዓለማት ጉዶም እንዳተቀልዐ ይኸይድ ኣሎ። ብሕልፊ ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ቁጠባዊ ዓብላልነት ቻይና እንዳተጋህደ ይመጽሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሃገራት ኣስያ ዘለወን ባህላዊ ክብርታት ዝደረኾ ትንሳአ ብምምርኳስ ዞባዊ ቂጠባውን ባህላውን ፖለቲካውን ምትሕግጋዝ እንድማዕበለ ስለዝመጸን፡ ተራ ምዕራባውያን ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ድማ

ብኡ ኣንጻር ረብሓኦም እንዳጸበበ ብምኻዱን፡በቲ ሓደ ወገን፡ ኣብ ላቲን ኣሜሪካ'ውን ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ቀልቢ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ወራር ዒራቕ ተዘኒቡ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዙሓት ሃገራት ደቡብ ኣሜሪካ መነባብሮ ሕብረተሰበን ንምምሕያሽን ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታተን ንምሕላውን ሰውራዊ ምንቅስቓሳት ብምክያድ፡ በደሀቲ ተርእዮታትን ንቕሓት ሕብረተሰብ ላቲን ኣሜሪካ ዘለዓዓለ ምንቅስቓሳት ስለዝተኸስቱ፡ በቲ ካልእ ንጸበብቲ ሰብ ረብሓ ኣዝዩ በዳሂ እዋን እዩ ኮይኑ ዘሎ። እንተኾነ እታ ዝበዝሐ ባህሪያዊ ጸጋታት ዓለምና ኣብ ከርሳ ዝሓቖፈት ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ግን ንቕሓት ሕብረተሰባ ከይበራበርን ከይምዕብልን ከምዘለዎ ብጥሪኡ ከይነቕሐ ኽጸንሕን ዝያዳ ስለዝተሰርሓሉን፡ እቲ ዝተጠቕሙሉ ረቂቕ ሜላ ድማ ነቲ ግዕዙይ ውዲታት ዘተግብሩ ምእዙዛትን ከደምቲን መራሕቲ ደቀባት ዓሲብካ ሓድሽ መግዛእትነት ብምክያድን ማዕድናት ኣፍሪቃ ምግሓጥን ዝብል እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ መብዛሕቶም መራሕቲ ኣፍሪቃ ውልቃዊ ርእሰማሎም ብምኽዕባት ኣንጻር ህዝቦም ዝቐንዕ ዓመጽ ዘካይዱ። እቲ ዘገርም እዚ ዝተዋህቦም ናይ ሚልዮናት ዶላራት ገንዘብ ዘይሩ ኣብ ማዕከናት ናይቶም ወሃብቲ ምምላሱ እዩ።

ከም ኮልታርን፡ ኣልማዝን፡ ወርቅን፡ ነዳድን ዝኣመሰሉ ባህሪያዊ ጸጋታት ናይዛ "ጸላም ክፍለ-ዓለም" ኣንዳበሉ ዝሰምይዋ ሃብታም ኣፍሪቃ ብግዳማውያን ሓይልታት እንዳተጋሕጠ ክኸይድ እንከሎ ኣህዛብ እዛ ክፍለ-ዓለም ግን ኣደዳ ድኽነትን፡ ድሕረትን፡ ሕማምን ሕድሕዳዊ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ምንጃትን ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ። እዚ ተርእዮ'ዚ ናይ ኣጋጣሚ ኩነታት ኣይኮነን። ብፍላጥ ንዓመታት ዝተሰርሓሉ እምበር። ኣብዛ ጸላም ክፍለ-ዓለም ንመሰል ቁጠባዊ ሓርነቱ ዝብገስ ምንቅስቓስ ብኣጋኡ ምእላይ ዝብል ሕጉን ስግኣት ስለዘለዎም ድማ እዩ ኤርትራ ንእትኽተሎ ወናኒት ናጻ ፖለቲካዊ መስመርካ ምኺንን፡ ኣዋዲት ቁጠባዊ ሓርነታ ምብቃዓን ከም ሕማቕ ናይ ጽቡቕ ኣብነት ተቖጺሩ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ መጠነ ሰፊሕ ጸቕጢ ዝካየድ ዘሎ።

ናይ ኤርትራ ስነ-ሓሳብን ፍልስፍናን፡ ኣብ ምንጋስ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝኣምን፡ ርእሰ-ምርኮሳ ዋሕስ ናይ ምሃዝነትን ዓያይነትን ኮይኑ ዜጋታት ብዘለዎም ዓቕምን ጸጋታትን ተጠቂሞም ንባህሪያት ብምልዋጥ ጥብ ዝበለት ማይ ብምዕቃብ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ምግቢ ዝኣምን፡ ካብ ምጽወታን ጊላነትን ናጻ ዝኾነ እዩ። ብዓይኒ እዞም ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ግን እዚ ከም ስግኣት ስለዝተቖጽረ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቀጻሊ ጸቕጢ ዝግበር። እታ ኣብ ዓለምና ብስም ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስን እትምሕል ሃገረ- ኣሜሪካ ኣቐዲሙ ክጥቅስ ብዝጸንሐ ኣገባብ መሳሰይት ናይዞም ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ተቐይራ ስለዘላ፡ ዓይና ከይሓሰየት ኣንጻር ህዝቢ ኣሜሪካ ጠጠው ዝብለሉን ዝኣምነሉን ዕላማታትን መትከላትን ብምኻድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እዚ ሕጂ ዝተዓዘብናዮ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ክትወስድ በቒዓ ዘላ። እቲ ዘገርም ኣብ መብዛሕቱ እዋናት ባይቶ ኣሜሪካ ዘይፈልጥዎ፡ ንጸበብቲ ሰብ ረብሓ ዘገልግል ውሳኔታት ብሸፈጥ ምሕላፉ እዩ።

እንተ ህዝቢ ኤርትራ እዚ ንጸበብቲ ሰብ ረብሓ ርእሰማላውያን ዘገልግል ናይ ምምሕዳር ኣሜሪካ ውዲት ሓድሽ ስለዘይኮኖን፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ንህላዌኡ ክብል ዘጥረዮ ስልትን ብልሕን ስለዝእውድ፡ ሕጂ'ውን ከም ወትሩ ኣይተገረመን።

**ኣይተዳህለን'ውን። ብዓይነቱን ውዳቤኡን ኣብዛ ዝተናዕቀት ክፍለ-ዓለምና ኣፍሪቃ ብርቒ ዝኾነ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን መደብ ውፍሪ-ዋርሳይ ይከኣሎን ብምትእትታው፡ ኩሉ ዜጋ ኣፍራይነቱን ሃገራዊ ኣገልግሎቱን ኣወሃሂዱ ዝሰርሕሉ ባይታ ብምፍጣሩ ኣብዘን ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ብሩህ ማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባሌ መጻኢ ዘበስር ኣንፈት ተረኺቡ ዘሎ። ብዓይኒ ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ተመራመርቲ፡ ኤርትራውያን ሰብ ትዕድልትን ምሩቓትን ከምዝኾናን ብሩህ መጻኢ ከምዘሎናን ዝገልጽሉ ምኽንያት ድማ ካብቲ ኤርትራ ጨቢጣቶ ዘላ ውድዓዊ ሓቅታት ዝተበገሰ እዩ። እዚ እዩ እምበኣር እቲ ምስጢር ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብቐጻሊ ዝፍኖ ዘሎ ዘመተ። ዘመተ ስነ-ኣእሙሮኣዊ ኲናት፣ ዘመተ ዘይእውጅን እዉጅን ቁጠባዊ እገዳ፣ ዘመተ ሃይማኖታዊ ስልኳ፣ ዘመተ ዞባዊ ዘይምርጋእ።**

**ስለዝኾነ ድማ እዩ ርዝነት ናይዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተወሲዱ ዘሎ እደዳ ምስቲ ቀሪቡ ዘሎ ክሲ ዘይዳረግ ዝገብሮ ቀንዲ ምስጢር ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ ዝርፋ ኣብ ምምካትን ምዕጋትን ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ተሰሪዓ ስለዘላ ። እቲ ስግኣት ናይ ጸበብቲ ሰብ ረብሓ ኣብ ቦትኡ ዝገብሮ ድማ እዚ ሓያል ኒሕን መኸተ ኤርትራውያን ንስለ ክብርን መሰልን ኤርትራውያን ጥራሕ ዝተሓጽረ ዘይኮነስ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ክልሕም ዝኽእል ራእይ ስለዝውንን እዩ። ልክዕ፡ ብሳላ ትኩር መሪሕነታን ህርኩት ህዝባን ተባዕ ሰራዊታን ኤርትራ ኣንፈት ብርሃን ኣፍሪቃ ክትከውን እያ።**

**እዛ ሃገር ገለ ኣለዋ** !!!

**ዓወት ንሓፋሽ**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና።**